ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ
ቤት/ጽሕፈት ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ
ሽማግለ በይ ኤርያ

المكتب الاقليمى لأمريكا الشمالية
المجلس الوطنى الارترى للتغيير الديموقراطى
منطقة خليج سان فرانسيسكو كاليفورنيا اللجنة

**Eritrean National Council for Democratic**
**Change Regional Office of North America**
**Bay Area Committee**

## *ኣብ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ ንመስርሕ ካላኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንምዕዋት መራሕቲ ጫንፈር ብዲሞኩራስያዊ ኣጋባብ መሪጸም*

*ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲመኩራስያዊ ለውጢ ተቐማጦ በይ ኤርያ ካሎፎርንያ ኣብዚ ማዓልቲ ምርጫ ጫፈሮም ፤ ነቲ መተካእታ ዘይቡሉ ጽላል ናይ ሓባር መቃለሲ ባይታ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንኻላኣይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ንምዕዋት ካብ ጫንፈር ዝጥለብ ብኹሉ መዳያት እና ኣማላእና ኣበርቲዕና ክንቃለስ ከም ምዃና ኣብ ኣኸባና ኣስሚርናሉ።*

*ጫንፈር በይ ኤርያ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞኩራስያዊ ለውጢ ኣብ ኣኼቡኡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዝተሰማማዕናሉ ንምዕዋት ዳግማይ ስርርዕ ን'ጫንፈር ትመርሕ መሪሕነታ ብዲሞኩራስያዊ ኣጋባብ 7 ሰባት ክምረጹ ከለዉ 2 ካኣ ተጣባበቕቲ መሪጾም።*

*ኣብዚ ምርጫ እዚ ኣገዳሲ ናይ ዲሞክራስያዊ ክትዕ ኣጋባቡ ሒዙ ንመስርሕ ዲሞክራስያዊ ኣጋባብ ዝምልከት ክትዓት ተኻይዱሉ ብህዱእ ብምክብባርን ሓልዮት ዝመልኣ መንፈስ ተኸቲሉ ኣብ 2 ሪኢቶ ምቕም ሽመግለ ዝዓለመ ክትዕ ነይሩ!!!*

- *__እታ ቀዳመይቲ__ ሪኢቶ በቶም ዝተመኮሩ ክሳብ ሕጂ ነዚ ጫንፈር ጠጦው ኣቢሎም ብደይ ምቁራጽ ክሰርሑ ዝጸንሑ ኣብ ርእሲኦም ነቶም በኺሮም ዝጸንሑ ኣብ ቦቶኦም ዝትኩኡ ንግበር ትብል ነይራ።*
- *__እታ ካላኣይቲ__ ሪኢቶ ካኣ ኖ ከም ብሓዲሽ ዳግማይ ስርርዕ ምርጫ ንግበር ትብል ኢያ ነይራ፤ ብሓቂ ካኣ ክልቲኤን ናይ ምዕዋት ካላኣይ ግባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ሓልዮት ዝመልኣ ሪኢቶታት ኢየ ነይሩ።*

### *ብናይ ሓባር ስምምዕ ካኣ ክልቲኤን ኣብ ምርጫ ቀሪበን*

*እታ ከም ብሓድሽ ስርርዕ ምርጫ ንግበር ትብል ብድምጺ ሲዕራ ኣብ ምርጫ ከም ብሓዲሽ ክግበር ተውሲኑ ኣምራጺት ሺማግለ ሰክርተርያ ንግዚኡ ተመሪጸ ብጉቡእ ካኣ ንዝተዋህባ ሓላፍነት እቲ ምርጫ ኣካይዳቶ። ነቶም ተመርጹ ሰባት መምስ ነጥቦም ጺሒፉ*

ኣቕሪባቶ ብኣብዝሔ ነትቢ ተራእዩ 7 ዝኣባላታ መራሕቲ ከምረጹ ኸለው፣ 2 ካኣ ተታባበቕቲ መጺኦም።

እታ ቑዳመይቲ ሪኢቶ ብድምጺ ዳኣ ትሳዓር እምበር ኣብ ምርጫ ምስ ኣተወት ኣብ ዳግማይ ስርርዕ እውን እቶም ከሰርሑ ዝጸንሑ ኣብ ምርጫ ኣይ ተረፉን ከም ተመረጹ ከነብርህ ንፈቱ ፤ ኣብ መስርሕ ዳግማይ ስርርዕ ምርጫ ኣብ ርእሲ እቶም ዝነበሩ ሰለስተ ቡርቱዓት ሰብ ተመኩሮ ብሱላት ተወሲኮምም ብድምጺ።

ናይ ጨንፈር በይ ኤርያ ካሊፎርንያ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲምክራስያዊ ለውጢ ናይ ምርጫ መስርሕ ኣኺቡኡ ብኸምዚ ዝተጠቓለ ተዛዚሙ።

4/4/2015